*(ድሕሪ ተሐኤ ካብ 82 ክሳብ ሎሚ,ቅሳነት ዝሐረሞ ህዝቢ,ዉሸጡ ሑኖር ክዛረብየ ኣይብልን **ትም**)መንዩ ኣቶ ዳዊት መዋሊ መዝሙር ሰላም ,ኢትዮ ኤርትራ,ወያነ ካብ ኣፍደገ ኣስመራ እንታይ ዘምልስ ነርዎ,መዝሙር ሰላም ዶ,መዝሙር ጥልመት ምድግጋም,*

*ህዝቢ ኣያ ሲኢኑ እንዳ ተዳህ ከ*
*ትም ክብል ኣይከኣልኩን ዓገብ*
*ዓገብ ክብል የ እንተ በልኩ ኸ,*

*ኣቶ ዳዊት ከፋሊ ማኅያ*
*ባድመ ናይ ትግርይና ኢያ*
*ጭርሖ ወያነ ደጊምካያ,,*

***(ኣይፋል ተጋሩ ናይ ኤርትራ ናትና እያ እንተ በልኩ ኸ)***

*እዛ ዳዋ ተምጽኦ ኣለዋ*
*ንኤርትራ ክዘምትዋ*
*ስለ ምንታይ ዘይሐዝዋ*
*ቴንቤናይ ሉኡኽ ሸዋ*
*ንዓዲ ጀጋኑ ኣድፈርዋ,,እንተ ተበልኩ ኸ,*

***ኩሉ ከዳዕ ኣይኮነን ሰብ ኣለዋ,ንሃገሮም ረዚን ዋጋ ከፊሎም, ከም ወዲ ዓሊ ጀጋኑ, ተበጅዮም ሰንኪሎም እዮም,ኣድሒኖምዋ እንተ በልኩ ኸ)***

*ንነጻነት ብውዲት መጢጥዎ*
*ወኪል ቶም ኣሚኖም ዝለኣኽዎ*
*ኢሰያስ ደኣሞ ሕልሚ ነርዎ*
*መሪሕ ኢትዮጳያ ክትመርጽዎ,*

## *(ውዲት ተጋሩ ያኣክል እንተ በልኩ ኸ)*

*ትም ምባልዩ ኣብዚ ኣውዲቑና,ትም ኣይንብልን ሕድሪ ዋዕሮ ጥሕኘ ኣሎና,, ኣይበልናን ዶ, ህዝቢ ኤርትራ ረኺቡ ጋዶ,ዳግማይ ውዲት ብነጋዶ,ካብ ዋዕላ ኣቃቂ, ካብ ጉባኤ ኣዋሳ,ካብ ኣኼባ ደብረዘይቲ,መቐለ ወዘተ, ኣይትመሃሩን ዶ,*

*ናይ ኤርትራዊያን ሞያ*
*ደድሕሪ ግንዘብ ጉያ*
*ኒሕ ዘለዎ ሃገራዊ ኣያ*
*ሃብታም ኤርትራዊ ዋርድያ*
*የለን ዶ ናይ ህዝቢ ኤርትረያ*
*ብተደጋጋሚ ብሉጻት ዝሃብናያ*
*ዝብል ባድመ ናይ ዋናታታ እያ,*

*ሃብታም ኤርትራዊ ኒሕ ዘለዎ የለን ዶ,, ንድሕነት ዓደቦ,ንደንበ ተቃውሞ ኣብ ሐደ ኣዳራሽ ዝእከቦ,ካብ ውዲተኛታት ሐራ ገሩ ዘላዝቦ, ክሳብ መዓስ ፈተውቲ ተመሲሎም ፋሕ ክብልዎ,ኣታ እዚ ህዝቢ, ብደገን ብውሽጥን መዓስ ጢዒምዎ,,,,*

***ድሕሪ ተጋድሎ ሐርነት ኤርትራ ካብ 82 ክሳብ ሎሚ,ቅሳነት ዝሐረሞ ህዝቢ,,***

*ኣይንሐደን ንኹልኹም የ, ጀብሃ ዓባይ ከመይ ኣለኹም የ,ተንቤናይ ከህሰሶ ዝጸዓረ እንተ ጸዓረ,እወ ታርኽ ህዝቢ ኤርትራ ተሰኒዱ ዩ ከም እምኒ ዓረ,ድሕሪ ስዕረት ጃንዳ ህግደፍ ጽባሕ ይዕረ,ደቂ ኤረ ጀብሃ ሻዕብያ እንዳ በልና ኣይንፋላለ,ንሱዩ ሕልሙ ቴንቤናይ ጸላኢና ይፈለ, ናይ ሐባር ጸላኢና ሐቢርና ንእለ፡፡*

*ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና, ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና,ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍ ዓንገልቶምን፡ንሐቂ ሐቂ ንጌጋ ምባል ዶ ፈሪሔ,ብዉሽጡ ሑፉር,በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን፡፡*